Folkhälsomyndigheten

# ኣብ ናይ 3 700 ናይ ”ኮቪድ-19” ምርመራ - ጌጋ መልሲታት ኣጋጢሙ

ብኽልተ ናይ ሽወደን ”ላባራቶሪታት”፡ ኣብቲ ”ናይ ኮቪድ-19” ሕማም ሒዙካ ምህላዉን ንኽርኢ እትጥቀመሉ ምርመራታት፥ ጌጋ ከም ዘሎዎ ተረኺቡ። ብምኽንያት ናይ’ዚ ዘጋጠመ ጌጋ ድማ፥ እቲ ናይ ምርመራ ኣገባብ፥ ነቲ ትሑት ደረጃ ናይ ”ኮቪድ-19” - ምስቲ ኣሉታዊ ውጽኢት ንኽፈላልዮ ኣይክኣለን።

ከም ሳዕቤን ናይዚ ጌጋ’ዚ ድማ፡ ኣብ ትሽዓተ ነንበይኖም ዞባታት ዚርከቡ፥ ኣስታት 3 700 ዝኾኑ ሰባት፥ ጌጋ ዝኾነ ሓበሬታ ናይ ”እወታዊ-መልሲ” (positiva svar) ረኺቦም ኣሎዉ። ስለዚ ንሳቶም፡ ”ኮቪድ-19” ሒዝዎም ከም ዘሎ፡ ጌጋ ሓበሬታ እዮም ረኺቦም።

**ኵሎም’ቶም ጌጋ ዝኾነ መልሲ ዝረኸቡ ሰባት፥ እንተ ደንጒየ ንዕለት 27 ነሓሰ፥ ብዛዕባ’ዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ንኽሕበሩ፥ ምስኣቶም ርክብ ኪግበር’ዩ። እቲ ተዋሂቡዎም ዝነበረ ናይ ምርመራ መልሲ ውን ኪቕየረሎም’ዩ።** እዚ ንዛረበሉ ዘሎና ተጌሩሎም ዝነበረ ምርመራ፥ ገለ ሰሙናት ኣቐዲሩ ስለ ዝኾነ፥ ሕጂ ከም ብሓድሽ ካልእ ምርመራ ክውሰደሎም ትርጉም ዘሎዎ ነገር ኣይኰነን። ኣብ ክንድኡ ግን፡ እቶም ጌጋ መልሲ ተዋሂቡዎም ዝጸንሐ ሰባት፥ በቲ ኣብ ከባቢኦም ዚርከብ ወሃብ-ሕክምና፥ ብነጻ ናይ ”ጸረ-ነፍሳት” ምርመራ ኪግበረሎም እዩ። እቲ ናይ ”ጸረ-ነፍሳት” ምርመራ፥ ሕማም ”ኮቪድ-19” ሒዙካ እንተ ደኣ ኔሩ ምልክት ዘርኢ እዩ።

**ናይ ”ኮቪድ-19” ምርመራ ተወሲዱልካ፥ ክሳብ ዕለት 27 ነሓሰ ምሳኻ ርክብ እንተ ዘይተጌሩ፥ እቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ናይ ምርመራ መልሲ፥ ከም ቅኑዕ መልሲ ጌርካ ክትርድኦ ትኽእል ኢኻ።**

ሓደ ሃገራዊ ናይ ቴሌፎን መስመር ተኸፊቱ ስለ ዘሎ፥ ተወሳኺ ሓበሬታ ካብኡ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ቁጽሪ ቴሌፎን’ቲ፡ ኣብቲ ናብ ኵሎም ጌጋ መልሲ ዝረኸቡ ሰባት ዚለኣኽ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ፥ ኣብኡ ተጻሒፉ ክትረኽቦ ኢኻ።

ሕቶን መልሲን ብዛዕባ’ቲ ጌጋ ናይ ምርመራ ”ኮቪድ-19” እወታዊ መልሲታት

እቶም ዚምልከቶም ዞባታት፡-

ብሌኪንገ - Blekinge

ዳላርና - Dalarna -

የቭለቦርይ - Gävleborg

ስቶክሆልም - Stockholm

ሶርምላንድ - Sörmland

ቨስተርቦተን - Västerbotten

ቨስተርኖርላንድ - Västernorrland

ቨስትማንላንድ - Västmanland

ቨስትራ ዮታላንድ - Västra Götaland

Folkhälsomyndigheten 2020 Felaktiga Provsvar Tigrinja Artikel 20126-2